# “ካህን ነገረ ድሕነት ናብ ኣሕዋት ከብጽሕ ዝተላእከ ልኡኽ ኢዩ!”

ብፁዕ ኣቡነ ኪዳነ

ብፁዕ ኣቡነ ኪዳነ የዕብዮ ጳጳስ ካቶሊካዊ ኤጳርቅና ከረን ዝሓለፈ ቀዳም 09 ታሕሳስ ኣብ ርእሰ ኣድባራት ቅዱስ ሚካኤል ከረን ንሓሙሽተ ዲያቆናት ናብ መዓርገ ክህነት ኣደዩቦም። ኣብቲ ሥርዓተ ሲመት ኣብ ዘዕረግዎ መሥዋዕተ ቅዳሴ “ካህን ነገረ ድሕነት ናብ ኣሕዋቱ ከብጽሕ ዝተላእከ ልኡኽ ኢይ!” እንክብሉ ኣስተምሂሮም።

ኣባ ፍሰሃ ተኪኤ - ኤጳርቅና ከረን

ዝሓለፈ ቀዳም 9 ሕዳር 23 ኣብ ደብረ ቅዱስሚካኤል ከረን ካብ ምሉእ ኤጳርቅና ዝመጹ ምእመናንን ውሉደ ክህነትን ዘዕብይዎም ወለድን መምሃራንን ኣሕሉቅ ገዳምን ኣብ ዝተረኽቡሉ ሓሙሽተ ዲያቆናት ብኢድ ብፁዕ ጳጳስ ኣቡነ ኪዳነ የዕብዮ ማዕርገ ክህነት ተቀቢሎም።እዞም ሓደስቲ ካህናት

1. ኣባ ዓንዶም ቃልኣብ ካብ ደ/ቅ/ጊዮርጊስ ለበዳ
2. ኣባ ርእሶም ህያቡ ካብ ደ/ማርያም ጽዮን ቁኒዕ
3. ኣባ ብያኑ ቀለተ ካብ ደ/መድኃኔ ዓለም ሓቢንመንተል
4. ኣባ ተመስገን ግርማጽዮን ካብ ደ/ቅ/ ፕዮ ቀረጫ
5. ኣባ ምሉእ ዓንደብርሃን ካብ ደ/ቅ/ሚካኤል ባምቢ ኢዮም!



ሲመት ክህነት ኤጳርቅና ከረን 2023

ብጹዕ ኣቡነት ኪዳነ ኣብቲ ዕለት እቲ ኣብ ዝለገስዎ ስብከት ቃል ኣምላኽ፣ሎሚ ኣብዚ ቅዱስ ደብሪ እግዚኣብሔር ንዝገበረልና ጸጋታት ንኽነመስግንን ነቶም ነዚ ጸጋ እዚ ዝቅበሉ ከኣ ሓይልን ረዲኤትን ንኽህቦም ነዚ መስዋዕተ ምስጋና ነቅርብ ኣሎና፡፡

ቅዱስ ሓዋርያ ጳውሎስ “ነቲ ከገልግሎ ኃይሊ ዝሃበኒ፣ ከም እሙን ቆጺሩ ከኣ ናብዚ ኣገልግሎት እዚ ዝመደበኒ ክርስቶስ ኢየሱስ ጐይታና፣ ኣመስግኖ ኣሎኹ” (1ጢሞ 1፡12) እናበለ እግዚእብሔር በቲ ዝጸወዓንን ዝተኣመነናን ሕድሪ ንዝበለንን የመስግኖ፡ ዘይመጠንና ዘይግበኣና ክንሱ ብጸጋኡ መዓርገ ክህነት ክንህብን ክንቅበልን ንዘብቅዓና ነመስግን ኣሎና።

ሲመት ክህነት ኤጳእቅና ከረን 2023

ደቂሰባት ካብ ጥንቲ ጀሚሮም ምስ ኣምላኽ መንጎኛ ዝኾኖም፡ ከም ዘድልዮም ብምእማን ንኣገልግሎት ኣምላኽ ዝተወፈዩ፡ስርዓት ኣምልኾ ዝፍጽሙ፡ መስዋዕቲ ዘዕርጉ ዝተመርጹ ውሱናት ሰባት ነበርዎም።



እንተ ኾነ ንሳቶም ከምቲ ኣምላኽ ዝደልዮም ብምልኣት ድልድል ክኾኑ ኣይከኣሉን፡ ኣብ ምልኣት ግዜ እግዚአብሔር ወልድ ስጋ ለቢሱ ሓቀኛ ድልድል ኮነ፡ ነዚ ድልድል እዚ ብቀጻልነት ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ ዝመሓላለፍ ክህነት ከኣ ሰርዓልና፡ በዚ ጸዋዔ ዘገልግሉ ከኣ ካህናት ክርስቶስ ተሰምዩ፡፡

ሎሚ እምበኣርከስ ነዚ መንጎይናነት እዚ ዝውፈዩ ዘለው ደቅና ከም መምህሮምን ጎይትኦምን ኣሰር ኣሰሩ እናሰዓቡ ብጕዕዞ ቀራንዮ ኣቢሎም ኣብ መስቀል ብምዕራፍ ንኣሕዋቶም ወንጌል ክሰብኩሎም ብቃል እግዚኣብሔር ከም ዝነብሩ ንኽምህርዎምን ክመርሕዎምን "ኩሎ ኃደግነ ወተሎናከ" ከም ዝበልዎ ሓዋርያት፣ ነዚ ተልእኾ እዚ ንኽንፍጽም ኩሉ ገዲፍና ክንስዕቦ ተልእኮና ባርኹልና ይብሉ ኣለው። ንሕና ከኣ ንጽድቂ ይግበረልኩም፡ ተልእኾኹም ይባርኽልኩም ንብሎም አሎና።

ሲመተ ክህነተ ኤጳርቅና ከረን 2023

ካህን ነገረ ድሕነት ናብ ኣሕዋቱ ከብጽሕ ዝለኣኽ ልኡኽ ኢዩ።እዚ ከኣ ኣሰር ክርስቶስ ስዒብካ፡ ድላይካን ፍታውካን ኣብ ኢዱ ኣንቢርካ፣ ብዘይ ሰጋእታ ነቲ መድሓኒኻ ዘሰከመካ ሕድሪ ንምጻር ስንድው ምዃን ኢዩ። ስለዚ ክህነት ኣገልግሎት እምበር ሽመት ኣይኮነን። ከመይ መድሓኒና ከገልግል እምበር ክግልገል ኣይመጻእኩን ስለዝበለ፣ ልክዕ ከማኡ ድማ ክህነት ምእንቲ ካልኦት ኩለንትናኻ ምውፋይ ኢዩ።



ክርስቶስ ኵለንትናኡ ብመልክዕ መስዋዕቲ ኣብ ቀራንዮ አወፈዮ፡ ካህን ከኣ ነዚ ቀራንዮ እዚ ብምንባርን ዕለት ዕለት መስዋዕተ ቅዳሴ ብምዕራግን ነሕዋቱ ነዚ ድሕነት እዚ ከበስር ኵለንትናኡ ዝወፈየ ተኽታሊ ክርስቶስ ኢዩ።

ሲመት ክህነት ኤጳእቅና ከረን 2023

ቅዱስ ሓዋርያ ጳውሎስ፡ ኣነ ካብ ኩሉ ሓራ ክንሰይ ንብዙሓት ምእንቲ ክረብሕ ንርእሰይ ባርያ ኩላቶም ኮንኩ ክብል፡ ንኹሎም ነቶም ብዝተፈላለየ ምኽንያታት ካብ ኣምላኽ ዝረሓቁ ንኹሎም ወንጌል ብምብሳር ናብ ኣምላኽ ከቅርቦም፣ ምእንቲ ኩላቶም ከም ኩሎም ኮንኩ ከም ዝበሎ፡ ካህን ከኣ ንናይ ዘመኑ ህዝቢ ከከም ጠባያቶምን ከከም ኩነታቶምን ነኣታቶም መሲሉ ብርሃን ወንጌል ንከብጽሕ ሕራይ ዝብል ኢዩ፡ በዚ ኽምዚ ከኣ ኣብ ክህነት ዘኣትዉ ነዚ መልእኽቲ ድሕነት ናብ ኩሉ ከብጽሑ፡ ገድሊ ድኻሞም ንናይ ዘመኖም ሕዝቢ ድሕነት ንምብስሳር ኢዩ። ጻማኡ ከኣ መስቀል ኢዩ፡ ምኽንያቱ መስቀል ናብ ትንሳኤ ስለዘብጽሕ።

ንኽምዚ ዝኣመሰለ ሕይወት ዝመርጹ መንእሰያት ኣጆኹም ንክርስቶስ ሒዝኩም እንታይ ከይጎድለኩም፡ ንሕና ሕዝብኹም ከኣ ብተልእኮ ወንጌል ምሳኹም ኣሎና ንምባል ብጸሎት ነስንዮም ኣሎና። ነዚ ከቢድ ሕርየት ዘስተውዓለ ሓዋርያ ጳውሎስ ኣብ 1ይ ጢሞቴዎስ 1፥12 "ነቲ ኽገልግሎ ኃይሊ ዝሃበኒ፥ ከም እሙን ቈጺሩ ኸኣ ናብዚ ኣገልግሎት እዚ ዝመደበኒ ክርስቶስ ኢየሱስ ጐይታና ኣመስግኖ በለ"፡ ዘመስግኖ ከኣ መጀመርያ ኢየሱስ ክርስቶስ ባዕሉ ስለዝሓረዮ ሕርየት ካብ ኣምላኽ እምበር ካብ ሰብ ከምዘይኮነ እንከርኢ ፣ ንዝሓረየኒ ክርስቶስ ኣመስግኖ በለ። ንክንድዚ ዘኣክል ሓላፍነት እምነት ዘሕድረለይ ኣመስግኖ በለ፣ እዚ ቃል እዚ ነፍስወከፍ ካህን ክብሎ ዘለዎ ኢዩ። ምኽንያቱ ኩልና ብጸጋ ስለ ዝተሓረና ኣብዚ ሕርየት እዚ ንኽንነብር ሓይሊ እቲ ለኣኺ ክርስቶስ ስለዘድልየና፡ ነዚ ተልእኮ እዚ ንዝወፈየልና ኣምላኽ እናኣመስገንና ክንቀርቦ ይግባእ።



ሲመት ክህነት ኤጳእቅና ከረን 2023እቲ ወንጌል ዝተበሰረ ሰብ፦

1. ኣግዚኣብሔር ኣቦይ
2. ክርስቶስ መድኅኒየይ
3. ቤተክርስቲያን ኣደይ
4. መንግስተ ሰማያት ቤተይ
5. ቅዱስ መጽሓፍ መምርሒየይ
6. ኣማኒ ክርስቶስ ዘበለ ዘመደይ
7. ወንጌል መልእኽተይ
8. ክብሪ እግዚኣብሔር ዕላማይ

**ንዝብላ መሪሕ ሓሳብት ንኽስርጹ ናብዚ ጽዋዔ እዚ ይኣትዉ ኣለው፡ ንሕና ከኣ ሎሚ ብጸጋኡ ነዚ ህያብ እዚ ንዝሃበና ክነመስግን ይግበኣና ኢዩ እሞ፡ ደቆም ንተልእኮ ወንጌል ዘወፈዩ ወለዲ፡ ዘዕበዩ ገዳምን መምህራንን፡ ገበርቲ ሠናይ ብጸሎቶምን ብውህበቶምን ናብዚ ንዘብጽሕዎም ንኹሎም ነመስግኖም። ንደቅና ከኣ ክህነት መልከጼድቅን ኣሮንን ይግበረሎም ኢልና ንምርቆም ክብሉ ኣስተንትንኦም ዛዚሞም።**



**ሲሙተ ክህነት ኤጳእቅና ከረን** 2023